Your sexual health matters.

Maidstone and Tunbridge Wells NHS Trust

uasc health

# ጾታዊ ጥዕና – መእተዊ ክፋል




ኣብ’ቲ ንኣገባባት ምክልኻል ጥንስን ጾታዊ ጥዕናን ዝምልከት ናይ UASC በራሪ ጽሑፍና ተወሳኺ ሓበሬታ ክርከብ ይከኣል።

# ጾታዊ ጥዕና – መእተዊ ክፋል

**ጾታዊ ርክብን ዝምድናታትን ከም ውልቃውያን ጉዳያት ኪውሰዱ ዝኽእሉ ኲይኖም፡ ገለ ካባና ኣብ ከም’ዚኣቶም ዝኣመሰሉ ጉዳያት ምዝራብ ዘሕፍረናን ከቢድን ኰይኑ ክኸውን ይኽእል። ይኹን እምበር፡ እዚ ንቡር ክፋል ህይወት እዩ። ኲልና ኣብ ግቡእ ዕድሜና ኣዎንታዊ፡ ሕጉሳትን ጥዕና ዘለዎምን ዝምድናታት ከነሕልፍ ድማ ቅኑዕ ነገር እዩ፤ ሕጋውነት ዘለዎ ጉዳይ እውን እዩ።**

ኣብ ብሪጣንያ ከማኺ ዝኣመሰላ ነኣሽቱ መንእሰያት፡ ካብ ስድራ-ቤታተን ከምኡ’ውን ኣብ ኣብያተ-ትምህርተን፡ ብዛዕባ ጾታዊ ርክብን ዝምድናታትን ኣፍልጦ ይረኽባ። ብዛዕባ ኣገባባት ምክልኻል ናይ’ቶም ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማት (STIs)፡ ከምኡ’ውን ከመይ ጌርካ መከላኸሊ ኣገባባት ብምጥቃም ዘይተደልየ ጥንሲ ከምዝውገድ ይመሃራ። እዚ፡ ነኣሽቱ መንእሰያት ገና ንጾታዊ ንጥፈት ከይበቕዓ እንከለዋ ብዛዕባ’ዞም ነገራት እዚኣቶም ፈሊጠን ንኽጸንሓ ዝሕግዝ እዩ። ንጾታዊ ጥዕናኽን ኣብ ምክትታል ክሕግዙ ዝኽእሉ ሰብ-ፍሉይ ክእለት ዶክተራትን ነርሳትን ኣለዉና። እዚ ሓገዝ እዚ ብናጻ ዝወሃብን ምስጢራውነት ዘለዎን ኰይኑ፡ እቲ ዝከታተለክን ዶክተር ኰነ ነርስ ብዛዕባ’ቲ ዝነገርክናኦ ጉዳይ ንኻልእ ሰብ ኣይክዛረብን እዩ፤ ማለት፡ ንስኻትክን ኣብ ሓደጋ ክሳብ ዘይሃለኽን ወይ ድማ ብተግባራትክን ኣብ ልዕሊ ካልኦት ሃስያ ክሳብ ዘየውረድክን። ካብ ክሊኒካት ጾታዊ ጥዕና ናጻን ስቱርን ሓገዝ ከምኡ’ውን ኣገልግሎት ሕክምና ክትረኽባ ትኽእላ ኢኽን፤ እዘን ክሊኒካት እዚኣተን ድማ ኣብ ኲሎም ከባቢታት ናይ ብሪጣንያ እየን ዝርከባ። ንሓፈሻዊ ሓኪምክን፡ ንናይ ተኣላዪ/ት ህጻንክን (Looked After Child) ሓኪም ይኹን ንነርስ እውን ብዛዕባ ከም’ዚኣቶም ዝኣመሰሉ ጉዳያት ኣልዒልክን ከተዛራርባኦም ትኽእላ ኢኽን። ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ www.nhs.uk ክርከብ ይከኣል።

ብሃገራዊ ትካል ጾታዊ ጥዕና ንዝተኸፍተ ናጻ ናይ ሓገዝ መስመር ተሌፎን – 03001237123 – ብምውካስ፡ ኣብ ከባቢኽን ሓገዝ ብዛዕባ እትረኽባሉ መገዲ ምኽሪ ክትረኽባ ኢኽን። ኣብ ናይ ኾትትና ዕድመ ከም እትርከቡ መንእሰያት መጠን፡ ኣብ ናይ ኣንጻር ጾታ ዕርክነት ክትኣትዉ ኰነ ዝምድናታት ክትምስርቱ ድልየት ክህልወኩም ንቡር እዩ። ሰባት ካብ ሓድሕዶም ከምዝፈላለዩ፤ ከምኡ’ውን ጾታዊ ርክብ ንዝፍጽሙሎም ቅቡላት እዋናት ብዝምልከት ዝተፋላለዩ ኣረኣእያታት ከምዘለውዎም ንርዳእ ኢና። እቲ ኣገዳሲ ነገር፡ ጾታዊ ርክብ ብኽልቴኹም መጻምድቲ ቅቡል ኣብ ዝኾነሉ እዋን ክፍጸም ደኣ’ምበር፡ ሓደ ኣብ ልዕሊ እቲ ካልእ ጸቕጢ ብምግባር ክፍጽሞ ከምዘይብሉ ምፍላጥ እዩ። ምስ ኣንጻር ጾታ ኣብ ዕርክነት ክትጽመድ ዘይምድላይ እውን ቅቡል ኣረኣእያ እዩ።





# ፍቓድ ምሃብ

ሓንቲ ውልቀ-ሰብ ኣብ ዝኾነ ይኹን ጾታዊ ንጥፈት ክትሳተፍ እንተኾይና ፍቓዳ ክትህብ ኣለዋ። ኣብ ሃገረ-ብሪጣንያ ነዚ ዝምልከት ፍቓድ ክንህበሉ እንኽእል ዝተሓተ ዕድመ 16 ውልቀ-ሰብ ዓመት እዩ። ኣብ ጾታዊ ዝምድና ሃሉ ወይ ምርዑው ኩን ብዘየገድስ፡ መጻምድትኻ ፍቓደኛ ከይኰነ/ት ጾታዊ ርክብ ምፍጻም ምፍራስ ሕጊ እዩ፤ ገበን እዩ።

‘ፍቓድ ምሃብ’ ክንብል እንከለና፡ ብዛዕባ ሓደ ነገር ንሰማማዕ ኣለና ማለት’ዩ፤ ምርጫ እዩ። ብመሰረት ናይ ሃገረ-ብሪጣንያ ሕጊ፡ ኣብ’ዞም ዝስዕቡ ኩነታት እንከለና ንጾታዊ ርክብ ዝምልከት ፍቓድ ክንህብ ኣይንኽእልን ኢና፡-

- ዕድመና ካብ 13 ዓመት ንታሕቲ ምስዝኸውን።
- ደቂስና ወይ ሃለዋትና ኣጥፊእና ምስእንህሉ።
- ጸቕጢ ኣብ ዝግበረልና ወይ ‘ኣይፋል’ ክንብል ኣብ ዘይንኽእለሉ እዋን።
- ብኣደንዘዝቲ ባእታታት ድዩስ ብኣልኮል ኣብ እንስነፈሉ እዋን እውን ፍቓድ ክንህብ ኣይንኽእልን ኢና።

ኣብ ሓደ ካብ’ዞም ልዕል ኢሎም ዝተጠቕሱ ኩነታት ምስ ዝርከብ/እትርከብ ውልቀ-ሰብ ጾታዊ ርክብ ምፍጻም ገበን ኰይኑ፡ ምስ ናይ ጾታዊ ዓመጽ ዝዳረግ ናይ ማእሰርቲ ብይን ከስዕበልና ይኽእል።

ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ www.disrespectnobody.co.uk ከምኡ’ውን www.getit.org.uk ክርከብ ይከኣል።

ትርጉም ናይ ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ክንረኽበሉ እንኽእል መጠወቒ መልጎም ኣብ’ዚ ነቑጣ መርበብ ሓበሬታ ይርከብ።

ንዝኾነ ይኹን ዓይነት ጾታዊ ርክብ ብዝምልከት ፍቓድና ክንህበሉ እንኽእል ዝተሓተ ዕድመ 16 ዓመት እኳ እንተኾነ፡ ብዙሓት ሰባት ግን ዕድሚኦም ልዕሊ እዚ ዕድመ እዝን ኪንዮኡን ክሳብ ዝበጽሕ ዓቕሊ ገይሮም ይጸንሑ እዮም። እዚ ፍቓድ ዝወሃበሉ ዕድመ እዚ፡ ኣንጻር-ጾታዊ ዝንባለ ንዘለዎም (heterosexual) ይኹን ተመሳሳሊ-ጾታዊ ዝንባለ ንዘለዎም ቀደንስትዮን ደቂ-ተባዕትዮን ብማዕረ ዝምልከቶም እዩ።